# ጽዒኖም ተጻዒኖም

እንዳ ፋብሪካ ኛውኛው ዕዳጋ ቅጥፈት
ጽሑፎም ጩብረቕረቕ ሓሶት ኢንተርነት
ኩሉግዜ ንጥቕሞም ውልቃዊነት ዓብላልነት
ምጥፋእ ምፍራስ ንነገር ምሕዋስ
ሕልሞም ብላሽ ጻሕተርተር ምቕስቃስ
ንውልቃዊ ነብሶም ብጽቡቕ ዘይፈልጥዋ
መዓልታዊ እምነቶም ንጨናዊት ሽዋ ሽዋ
ተግባሮም ጸልማት ሕልሚ ረብሐ ጽልዋ
ዘረቦኦም ዘርጊ ንሶም ትሕቲ መሬት
ብኤርትራዊነቶም ዘይኮርዑ ሰኣን እምነት
ስብከቶም ኣውራጃዊ ፍልልይ ሃገር ጥልመት
ብሃገር ብህዝብና ኣሽካዕላል ጸወታ
ምድንጋር ምሽቃጥ ዒምዒምታ
ክትርእዮም ንኸብዶም ጥራሕ ውዕታ
ብሙሉእ ልቦም ዘይሕበኑ ብህዝቢ ብሃገሮም
ብመንነቶም ዘይኮርዑ ልባዊ እምነት ዝጎደሎም
ጸቢብ ዝሐንጎሎም ሃገራዊ ዓቕሊ ዘይብሎም
ንዝተፈጥርሉን ዝዓበይሉን ሓላል መሬትና ረሲዖም
መዓልታዊ ዘይተራእየን ዘይተሰምዔን ኮይኑ ዕላሎም
ዋላ ይንኣስ ብምዕባሌ ሃገርና ዘይኮርዑ
ንኹሎም ጀጋኑ ሰውኣትና ዝረስዑ
ንበይኖም ተሐቢኦም ብጸልማት ዝበልዑ
ብሃገር ከተዕልሎም ብላግጺ ዝድንፍዑ
ንዓይኖምን እዝኖምን ከም ዘይናቶም ቆጺሮም
ፊደላት ሓሶት ኣብ መልሐሶም ሰፍዮም
ኣድጊ ከም ኣድጊ ጽዒኖም ተጻዒኖም
ከም ዲስኮን ካሴትን እንዳ ገልበጡ ሐንጎሎም
ብኽልተ መልሐሶም ክመሃሩ ተመልሚሎም

ወግሔ ጸብሔ ሽዋ ኣራት ኪሎ ኮይኑ መገዶም
ተመሊኦም ይመጹሞ ይደርፉልና ቅጥፈቶም
ብዓይኖም ጽቡቕን ሕማቕን ርእዮም ዘይመምዩ
ለይቲ መዓልቲ ብዘይከውን ሐሳባት ምስተጠውዩ
ንሃገር ንህዝብና ፍቕርን ሰላምን ዘይምነዩ
ካብ ሃገርናን ህዝብናን ፍጹም ዝተፈልዩ
ርእሶም ንቑልቁል እግሮም ንላዕሊ
ኣምላኽ ከሊኡዎም መስተውዕሊ ዓቕሊ
ኩሉግዜ ምዝላል ዕብዳን ኣድጊ በቕሊ
ብዘይእመን ሐሶቶም እንዳሰበኹ ኣንጻርና
ብሸቐጥ ዲሞክራሲኦም ጸሚምና ደኺምና
ሽግር በዚሑ ዕዳጋ ከቢሩ ክንደይ ዘይብሉና
ኩሉግዜ ዕላሎም ኣንጻር ናጽነት ሃገራዊ ሐድነትና
ናብራ ኸቢዱ ተባሂሉ ብእርሳስ ይጸሐፍዎ ይተሐንጠጥ
ህዝብና የስተውዕልዩ ሽግር ከምዝሐልፍ ከምዝቕንጠጥ
ኤርትራና ብውልቃዊ ጥቕሚ ከምዘይትቕየር ኣጸቢቕዩ ዝፈልጥ
ስለዚዩ ብሉጻት ቀያሕትን ጸለምትን ከፊልና
ብቕልጽም ብሐይልን ሃገር ከምሃገር ተጸዊዕና
እንዳ ፋብሪካ ኛውኛው ብስደቶም ክኾርዑ ናብራ ዑና
ንሕና ግን ብህይወትና ሸናዕ ንብለሉ ንኾርዕ ብኤርትራና
ኩልና ኣጸቢቕና ስለንፈልጥ ብዘይሃገር ክብረት ከምዘይብልና
ዝበሉ እንተብሉ ዝመጸ እንተመጸ ሐደዩ እምነት ናይ ኩልና

ዓወት ንሓፋሽ

ብርሃነ ገብረመስቀል

24.02.2004